# ክርክርን
# ዓመጽን
# ኣብ ስድራቤት



REGION
KRONOBERG

Tigrinja

**ቆልዑ፡ ውሑስ ዚኾነ ኣተዓባብያ ኪግበረሎም መሰል ኣለዎም።**

ስዊድን፡ ቆልዑ ንዓመጽን ምክልባትን ከምዚ ቃልዑ ምግባር ዜካትት ኣካላዊ መቕጻዕቲ ቆልዑ ኣብ 1979 ዝኣገደት ኣብ ዓለም ቀደመይቲ ሃገር እያ። ካብ 2021 ጀሚሩ ድማ ኣብ ስድራቤት ዓመጽ ኪፍጸም ከሎ፡ ንኣብነት፥ ኣብ ሓደ ወላዲ ምፍርራህ ወይ መውቃዕቲ ኪበጽሕ ከሎ ቆልዓ ከምዚርኢ ወይ ከምዚሰምዕ ኪግበር ዝተኸልከለ እዩ።

እቲ ኣብ ስዊድን ኣንጻር ቆልዑ ዚፍጸም ዓመጽ እናጐደለ ይኸይድ እኳ እንተሃለወ፡ ኣዝዮም ብዙሓት ቆልዑ ግን ክሳዕ ሕጂ ሃስያ ይበጽሖም ኣሎ። ንቖልዑ ዚጐድእ ኣካላዊ ዓመጽ ጥራይ ከምዘይኮነ ፈሊጥና ኣሎና። ኣብ መንጎ ወለዲ ዘጋጥም ዓመጽ፡ ብተመሳሳሊ መገዲ ንቖልዑ ይጐድእ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊኦም ዚፍጸም ዓመጽ ወይ ንዕኦም ዘድሊ ኣገዳሲ ነገራት ዘይምምላእ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ኹሉ ነገራት፡ ኣብዚ ግዜን ኣብ ግዜ ብጽሕናን ንዚህልዎ ጥዕናን ዕብየትን እቲ ቆልዓ ዚጐድእ እዩ።

**ኣንጻር ቆልዑ ዚፍጸም ዓመጽ፡ ነዚ ዚስዕብ ቅርጽታት ዚሓዘ ኪኸውን ይኽእል እዩ፥**

**ኣካላዊ ዓመጽ፥** ንቖልዓ ምጒዳእ፡ ንኣብነት፥ ምውጣጥ፡ ምህራም ወይ ምንውናው

**ስነልቦናዊ ዓመጽ፥** ንቖልዓ ምርባሽ፡ ንኣብነት፥ ምፍርራህ፡ ምጒብዕባዕ፡ ምልጋጽ ወይ ኣብ ልዕሊኦም ምውጫጭ

**ሸለል ምባል፥** ምሾት፡ ምግቢ፡ ጽሩይ ክዳውንትን ክንክን ጥዕናን ዘካትት ናብዮት ንቖልዓ ዘይምሃብ

**ጾታዊ መጥቃዕቲ፥** ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ጾታዊ ዓመጽ ከምዝፍጸም ምግባር

**ኣብ መንጎ ወለዲ ዘጋጥም ክርክራት፥** ወለዲ ኪከራኸሩ፡ ኪዋጨጩ ወይ ክብኣሱ ከለዉ ቆልዓ ምስዝርኢ

**ኣንጻር ወላዲ ዚፍጸም ዓመጽ፥** ሓደ ወላዲ፡ ምጒዕባዕ፡ ዓመጽን መጥቃዕትን ኣብ ልዕሊ›ቲ ካልእ ኪፍጽም ከሎ ምርኣይ





**ክርክርን ዓመጽን ንቖልዑ ብኣሉታ ይጸሉ፣ዩ**
ውድቀት፡ ሕጂን ተደጋጋምን ኬጋጥም ኣካል ህይወት ስድራቤት እኳ እንተኾነ፡ ካልእ ሰብ ከምዚፈርህ፡ ቊጽጽር ኪግበረሉ ወይ ከምዚጕዳእ ዚገብር ምጕባዕባዕን ዓመጽን ከምዚምዕብል ምግባር ግን ኪፍቀድ ኣይግባእን።

ምውጫጭን ምክርኻርን፡ ልክዕ ከም ኣካላዊ ዓመጽ ንቖልዑ ጒዳኢ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ቆልዓ ንኺረጋጋእ ኣብ ምግባር ሓገዝ ዘይህብን ኣብ ኲነተ-ፍርሂ ከምዚኣቱ ብፍሉይ ዚገብርን እዩ።

ንኣሽቱ ቆልዑ፡ ተኣፈፍትን ኣብ ወለዶም ድማ ምሉእ ብምሉእ ጽገዕተኛታትን እዮም። ህጻናት ድማ ሰባት ኣብ ቅድሚኦም ኪብኣሱ ከለዉ ይፈርሁ እዮም።
ኣብ መንጐ ዓበይቲ ዘጋጥም ባእስን ምውጫጭን፡ ንዝደቀሱ ወይ ኣብ ካልእ ክፍሊ ንዝርከቡ ንኣሽቱ ቆልዑ ብኣሉታ ይጸሉ እዩ።

ኪኸውን ዘይግብኦ ኣብ ስድራቤትኩም ምስዘጋጥም፡ ምእንቲ ቖልዓ ኢልኩም ሓገዝ ክትሓቱን ስጕምቲ ክትወስዱን ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ከበድቲ ኣርእስታት ምዝርራብ፡ ነዚ ዓይነት ባህርያት ኣብ ምውጋድ ናይ ፈለማ ስጕምቲ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ማእከላት ጥዕና ቆልዑ፡ ንኸምዚ ዚበለ ዝርርባት እቲ ዝበለጸ ቦታ እዩ።

## ደገፍን ሓገዝን

ብዛዕባ ከበድቲ ኣርእስታት ምዝርራብ፡ ነዚ ዓይነት ባህርያት ኣብ ምውጋድ ናይ ፈለማ ስጉምቲ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ማእከላት ጥዕና ቆልዑ፡ ንኸምዚ ዚበለ ዝርርባት እቲ ዝበለጸ ቦታ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

**1177 ንዓኹም ወይ ቀረባኹም ንዚኾነ ካልእ ሰብ፡** ጉድኣት ወይ ዓመጽ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ኣብ ስድራቤት ዓመጽ ከጋጥም ከሎ ምስእትርእዩ ወይ ኣብ ስድራቤትኩም ጉድኣት ዝበጽሖ ካልእ ሰብ ምስዝህሉ፡ ኩሉ ዓይነት ደገፍ ኣብ Kronoberg ክትረኽቡ ኢኹም።

**ማእከል ሕክምና** ከም ወላዲ መጠን ዝውሃበኩም ውልቃዊ ደገፍ።

**ክኢላ ስነኣእምሮ ኣገልግሎት ጥዕና ደቀኣንስትዮን ቆልዑን** ንወለዲ ዚውሃብ ደገፍ።

**ኣገልግሎት ሕክምና ስነኣእምሮ ቆልዑን በጽሕታትን** ነቶም ምልክታት ሕማም ዘለዎም ቆልዑ ዚግበር መርመራን ፍወሳን።

**ኣገልግሎት ምኽሪ ስድራቤት** ኣብ ዝምድና ወለዲ ዚግበር ኣተኩሮ።

**Familjefrid Kronoberg** ምስ ቆልዑን ዓበይትን ከምኡውን ግዳያትን ኣጥቃዕትን ዓመጽ ምርኻብ። ዝኾነ ዓይነት ሰነድ ኣይሕዝን፣ ምስጢራውነት ናይ ምዕቃብ ግዴታ ድማ ኣለዎ። ካብ Familjefrid Kronoberg ዚውሃብ ደገፍ፡ ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት እዩ።

**ማሕበራዊ ኣገልግሎታት** ኣብ ሓለዋ ዚግበረሉ መንበሪ ቦታ ብዛዕባ ዚቕመጥ ዘሎ ቆልዓ ዚምልከት ኩነታት ንምምርማር ዘድሊ ኩሉ ነገር ዚምልከት ሓገዝ ኪገብር ይኽእል። ኣብ እትቕመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ተወከሱ።

**Bris** ንቖልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ምኽርን ደገፍን ይህብ፣ ዓበይቲ፡ ምኽርን ደገፍን ኪረኽብሉ ዚኽእልሉ ቀጥታዊ መስመር ተሌፎን ኣለዎ– 077-150 50 50።

**Kvinnofridslinjen** ነተን ዓመጽን ምጉብዕባዕን ዘጋጥመን ደቀኣንስትዮ – 020-50 50 50።

**Mansjouren** ብዛዕባ ዓመጽን ጸገማት ዝምድናን ንዘለዎም ሕቶታት ሓገዝ ንዝሓቱ ደቀተባዕትዮ፥ 08-30 30 20

**ጠጠው ክትብሉ ምረጹ (Välj att sluta)** ኣብ ዘፍቅርዎ ሰብ መጉዳእቲ ብዛዕባ ዘብጽሕ ሰብ ዚምልከት ሓበሬታ ዚውሃበሉ መስመር ተሌፎን – 020-555 666።

ዘሕተሞ ኣካል፥ ኣሃዱ ክንክን ጥዕና ቆልዑ፡ ዞባ ስቶክሆልም
ስእሊ መጽሓፍ ዘዳለወ ሰብ፥ LOTTA SJÖBERG | ኣሰራርዓ ጽሑፍ፥ LÄNGE LEVE KOMMUNIKATION ሕዳር 2020 እዚ ጽሑፍ'ዚ፡
ብኣሃዱ ክንክን ጥዕና ቆልዑ፡ ዞባ KRONOBERG ኣብ ጥቅምቲ 2022 ከምዝርዓምን

ከምዝኽለስን ዝተገብረ እዩ።
ዘሕተመ፥ LÖWEX TRYCKSAKER AB   ሕዳር 2022

REGION KRONOBERG